# መግለጺ መሪር ሐዘን
# ክብርቲን ፍትውቲን ብጻይትና ተጋዳሊት አልማዝ ወልዱ
# 21 ሰነ 2024 ዓሪፉ



ክብርቲ ብጻይትና አልማዝ ኣብ ምስጢራዊ ውሽጣዊ ስርዒት ተ.ሐ.ኤ.
ከተማ መንድፈራ ክትነጥፍ ድሕሪ ምጽናሕ ሚያዚያ 1973 ናብ ሜዳ ተሰሊፋ።ክብርቲ ብጻይትና ኣልማዝ ካብተን ቀዳሞት ድቂ አንስትዮ ኣብ ተጋድሎ ሐርነት ኔራ፡ ኣብቲ እዋን ምስ ዝነበረ ኩነታት ኣብ መንሳእን ገለብን ዝነበራ ክፍልታት ናይ ሕዝባዊ ስርዒት ሐጺር ናይ ወትሃድራዊን ፖለትካዊን ስልጠና ድሕሪ ምውሳድ ኣብ ሕዝብን ሰራዊትን ግደ ደቂ ንስቲዮ ኣብ ቃልሲ ንምንቅቃሕ ዓቢ ግደ ኣብርኪታ። ኣብ ደብረሳላ ብስዉእ ሐሰን ባሽመልን ስዉእ እድሪስ ዑመርን ፖለትካዊ አስትምህሮ ድሕሪ ምውሳድ ለካቲት 1974 ኣብ ጠቕላላ ማሕበር ደቅንስትዮ ተጸንቢራ።ብሰነ 27 1974 ኣብ ዝተካየደ ጉብኤ ጠቕላላ ማሕበር ደቂንስትዮ ኣብ ኣመራርሐ ማሕበር ተመሪጻ፡ብጻይትና አልማዝ ለዋህ,ፈቓር,ምቕልልቲ,ኣዚዩ ጥዑም ጠባይ ትውንን እምንቲ ብጻይቲ, ኣደ ኩሉ ኔራ !!!! ።ኣብ ቤት ጽሕፍት ማሕበር ደቂ ንስቲይ ኣብ ዝንበርትሉ እዋን ሕጻን ተዓጠቕ ወላዲቱ ምስ ተሰውአት ኣልማዝ ከመወላዳ ትናቢዮ ክምዝነብረት ብጾታ ይምስክራ። ክብርትን ፍትውቲ ብጻይትና አልማዝ ብዝሕደራ ሕማም ሰነ 21 2024 ኣብ ሃገረ ጀርመን ከተማ ካስል ዓሪፋ።

ንብጻይትና አልማዝ መንግስተሰማይ የዋራሳ፡ ንብጻይና ተስፉ ዘርኡ ሙሉአት ስድራቤቱን መቓልስቱ ጽንዓት ይሃቦም።

**ሐብሬታ**

**ጸሎት-ፍትሓትን ሓመድ-ድበን ዝፍጸመሉ ቦታ ዕለትን**

**5 ሓምለ 2024 12፡00 ናይ ቀትሪ**

Westfriedhof Kassel
Heinrich-Schutz Allee 211
34134 Kassel